**ሻምላኻ ምዘዝ**
ነቶም ሰብ ስግር ጎደቦ
ጽርዲ ካብ ትማሊ ዓንቶቦ
ነቶም ደቂ ኣንድነት  ፍጮ ጫሌዳ
ዕጹፋት ኣብራኽ ሕሉቓት ዳንጋ
ሻምላኻ ምዘዝ ኣውርዳ ካብ ሰንቀ
ኣቃብጾም ነቶም ሕልንኦም ዝተጻንቀቐ
ሕሰምካ  ዝምነዩ  ጸሓዮም ዘዕረቡ
ብቐልውላው ዝተሓመሱ  ብተርባጽ ዝዘቕበቡ
ትማሊ  ኣንድነታውያን ሎሚ ኮራኩር ጭፍራ
ሕሉቓት  ረሲኣን  ደቂ እከይ ሺላ
መልዓልቲ ቅሙጥ  ነውራማት እኒ ዳፍላ
ምዘዘሎም እታ  በላሕ ጭማራ  ቀጻዒት ሻምላ
ደግሲ ሕዱር ሕማም ኣውራጃዊ ሒቕታ
ጸደፍደፍ  ዝብሉ ንረብሓ ንቑንጣሮ ምጽወታ
ሴፍካ ምዘዘሎም ሻምላ ኣባ ጥመር ባህታ
ጉራዴኻ  ምዘዝ ወዲ ኣቶ ወልድኣብ እንዲኻ  ታ
ወዲ ዕስማን ቡሬ  ወዲ ሃኪቶ ራእሲ ተሰማ
ወዲ ሸኽ ኢብራሂም  ጽኑዓት ሰብ ዕላማ
ወዲ እቶም ጀጋኑ እንዲኻ ምዙዝ ሻምልኡ
ሓድጊ ኣናብስ ዘየድፍር ርስቲ ዓደ ቡኡ ስሑል ብዓንቶቡኡ
ሴፍካ ምዘዝ ቀንጥቦም ነቶም ቃንጥሻ ሞሮር
ተቛመርቲ  ሕሙሳት  ሸየጥቲ ክብሪ ሃገር
ንዝርገት ሓድነትካ  ቅዱስ ሃይማኖትካ ዘራኽሱ
ቀስቅሶም ነቶም ወኻሩ ቆርበት በጊዕ ዝለበሱ
ወዲ እቶም ንኽብሪ መሬት ዝሓለፉ
በጃይን በጃኻን ገናሽል ሞባእ ዝተሰየፉ
ሓው እቶም  ጀጋኑ  እንዲኻ ሃገር ዘውሓሱ ኣናብስ
ቀስቅሶም  ነቶም ዝሩጋት ቅኒቶም ሕሙስ
ጥምርትካ  ጽንዓትካ  ኮሶ ዓንዴል ኮይንዎም
ሓድነትካ ምስጢር ዓወትካ  ማይ የሕቁንዎም
ስምረትካ ውህደትካ ጨው ባዳ ኣጨሊጥዎም
ሕጂ ውን ሃየ ንኸስ  ወገነይ ሻምላኻ ምዘዘሎም
ሃየ ወዲ ሃገር ኣትኩሮኻ ኣዛይድ
ቀስቃሲት ሴፍካ ካብ ሰንቀ ኣውርድ
ጥግንግን ዝብሉ  መኹዘዘይቲ እኒ
ቃርማ
ላዓት ሻምላኻ ኣጽንዕ  ሎሚ ውን ከም ቀደማ

ዓወት ንሓፋሽ ተጋ   ኣሸናፊ ኣብርሃም(ኣሼ)  / 2017  ጀርመን